7 ሕዳር 2024

# DeKalb County፡ ኣብ መበል 11 ዓመታዊ ውራይ (በዓል) ኣብ ትምህርቲ ብሉጻት ንዝኾኑ ሰራሕተኛታት ክብሪ ትህብ

DeKalb County School District (*DCSD*)፡ ኣብ ማእከል ዓለማዊ ባይቶ ጆርጅያ (Georgia World Congress Center) ኣብ 2 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ *መበል 11 ዓመታዊ በዓል ሽልማት ትምህርታዊ ብሉጽነት (Annual Academy of Educational Excellence Awards Gala)* ነቶም ብሉጻት መምሃራንን ናይ ደገፍ ሰራሕተኛታትን ክብሪ ሂቡ እዩ።

ነቶም ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝሰርሑ ናይዚ ዓመት'ዚ ሰራሕተኛታት ስለቲ ዝገበርዎ ዜገርም ኣበርክቶታት ኣብዚ በዓል'ዚ ክብሪ ተዋሂቡ እዩ፣ ነቶም ብደረጃ ኣውራጃ ብፍሉይ ዕዉታት ሓሙሽተ ሰባት ዝተሓበረሉ እዩ። እዞም ኣዝዮም ብሉጻት መራሕቲ፥

- **ናይዚ ዓመት'ዚ ብልጽቲ መምህር**
  Latalia Robbins፡ *Smoke Rise Elementary School*
- **ናይዚ ዓመት'ዚ ርእሰ-መምሃራን**
  Dr. Susan Stoddard፡ *Lakeside High School*
- **ናይዚ ዓመት'ዚ 1ይ ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ**
  Nicole Jones፡ *John R. Lewis Elementary School*
- **ናይዚ ዓመት'ዚ 2ይ ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ**
  Tera Reid፡ *Eagle Woods Academy*
- **ብደረጃ ቤት ጽሕፈት ኣውራጃ ዚውሃብ ናይዚ ዓመት'ዚ ክኢላ ትምህርታዊ ደገፍ**
  John "Q" Kegler፡ *ክፍሊ ርክባት (Communications Department)*

ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton፡ ነቲ ኣውራጃ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዓቢ ዝላ ንኽተርኢ ንዝገበሩ ብሉጻት ሰራሕተኛታትን መሳርሕቶምን ኣመስጊኑ።

"ንዝሓለፈት ዓመተ-ትምህርቲ ተመሊስ ኣብ ዝርእየሉን ኣውራጃ ድማ ንዝዓየቶ ስራሕ ኣብ ዝዕዘበሉን እዋን፡ ብዛዕባ ዓወት ነፍስወከፍ መምሃራን፡ ነፍስወከፍ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ በታታትን ብሓባር ድማ ኣውራጃን ኣመልኪተ ብቐጻሊ ክዛረበሉ እኽእል እየ" ብምባል Dr. Horton ተዛሪቡ።

"ብሓባር ኴንና ድማ ኣብ መዋዕለ-ቆልዑ ክሳዕ መበል 12 ክፍሊ ሓደ-ሓደ ዓበይቲ ምዕባለን ዓቢ ለውጥን ንገብር ኣሎና፣ እዚ ድማ ኣብዚ ክፍሊ'ዚ ኮፍ ብዝበሉ ውልቀሰባት ዝፍጠር እዩ" ብምባል Dr. Horton ይውስኽ። "ስለቲ እትገብርዎ ዘለኹም ኩሉ ስራሕ ናእዳና ነቕርብ።"

እዚ ዓመታዊ በዓል፡ ንሓያል ጻዕሪ፡ ተወፋይነትን ዓወታትን መምሃራንን ሰራሕተኛታት ደገፍን DCSD ክብሪ ዚህብ እዩ። ፍሉይ መሪሕነትን ናይ ድሕረ-መጋረጃ ደገፍን ንዚህብ መሃዝነት ዘለዎ ሜላታት ትምህርቲ ካብ ዝተፈለመሉ ግዜ ጀሚሩ፡ እዞም ውልቀሰባት'ዚኦም፡ ብሉጽ ትምህርቲ ምሃብ ንዚብል ተልእኾ DCSD ብዓቢ ደረጃ ጽልዋ ይገብርሉ ኣለዉ።

እዚ *ንመበል 11 ዝተኻየደ ዓመታዊ በዓል ሽልማት ትምህርታዊ ብሉጽነት (Annual Academy of Educational Excellence Awards Gala):* ብCoca-Cola፡ Georgia United Credit Union፡ Herff Jones፡ Lincoln Investment፡ Lowe&CO ከምኡውን Voya ተመዊሉ።

ምሉእ ዝርዝር ኣስማት ናይቶም ኣብዚ ዓመት 2024-25 ብደረጃ ትምህርቲ ኣፍልጦ ዝረኸቡ ኩሎም ሰራሕተኛታት ንምርካብ፡ ኣብ ታሕቲ ርኣዩ።

*ንመበል 11 ኣብ ዝተኻየደ ዓመታዊ በዓል ሸልማት ትምህርታዊ ብሉጽነት* ዝምልከት ስእልታት ንምርካብ፡ ኣብዚ ርኣዩ፥ https://flic.kr/s/aHBqjBQTP5.

ብዛዕባ'ዚ በዓል'ዚ ኣመልኪት ንዝተቐርጸ ቪድዮ ንምርካብ፡ ኣብዚ ርኣዩ፥ https://www.youtube.com/watch?v=P4eEn9YicpA